

ስብሓት ዘርአ

# መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት

## ቅዱስ ሉቃስ ከም ዝጸሓፎ ፫ይ ቅጽል

## ዕማማት ወንጌል ካብ ኣንጾኪያ ክሳዕ ስጳኛ፡ 23 ዓመታት (44 – 67 ድ.ል.ክ.)

ኣብ “*ብስራት*” ቍ 56፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣርእስቲ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ 44-67 ድ.ል.ክ. ዚተፈ ጸመ ናይ 23 ዓመታት ጸዓታት ናይ ምስፋሕ ወንጌል፡ ብመልክዕ ኣርባዕተ ሰሌዳታት ጌርና ብምቕራብ ተመልኪትናዮ ኔርና።

ኣብኡ እቶም መንፈስ ቅዱስ ከም ጸራቅሊጦስ ኣብ ህይወቶም ዚዓዘዘ ኣመንቲ፡ ከመይ ዚበለ 1. ቅዱስ ህይወትን 2. ቅዱስ ሕብረትን 3. ብስራት ተልእኾ ወንጌልን ከም ዘበርከቱን ዜተሓላለፉን ተዓዚብና።

ኣብዚ መደምደምታት ናይ እቲ ትምህርትና እምበኣር፡ እቲ ኣተኵሮ ኣብቲ እዞም ዚበልናዮም ኣመንቲ ዜበርከትዎ ቅዱስ ህይወትን ሕብረትን ዚኸውን እዩ።

በቲ ኣቐዲምና እተመልከትናዮ ሰሌዳታት ናይ ኣሳልጦ ዕዮ፡ እቶም ጸራቅሊጦስ ኣብ ህይወቶም ዚዓዘዘ ኣመንቲ ኣብ ዚዓመሙዎ ዕማማት ኣስተብሂልና ኔርና። ኣብዚ እምበኣር ነዚ በቲ ዚነበሮም ህይወት ቅድስናን ሕብረት ኣሕዋትን መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ ምዕራፋት 13-27 ዘሎ መሰረት ብምግባር ተመል ኪትና ዘተና ኽንድምድም።

ብርግጽ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣብነትና እዮም እሞ፡ ኣሰሮም ክንስዕብ፡ ኣርኣያኦም ድማ ኺንክተል ልቢ ይሃበና።

### 1. ዘይድሃል ትብዓቶም ኣብቲ ቀዳማይ ስጕምቲ ወንጌል።

ምድሃል ኪብሃል ከሎ፡ ተዓጢቕካ ንዘተበገስካሉ፡ ኣብ መፈጸምታ ምእንቲ ኸይተብጽሖ ዜጃጅወካ እዩ። ንየሱስ ክርስቶስ እቶም ጸላእቱ ኣብ መስቀል ምስ ሸንከርዎ፡ እቶም ደቀ-መዛሙርቱ ተዳሂሎም ነይሮም። ስለዚ ድማ ኣብ ምሕባእ ክሳዕ ዚበጽሑ ጃጅዮም።

ደሓር ግና ከም ዚተንስኤ ሰሚዖም ምስ ኣመኑ ተተባቢዖም ኺጥርነፉ እኳ እንተ ጀመሩ፡ እቶም ከም ኣመንቲ በዲሆም ዚተጋለጹስ ኣዝዮም ሒደት እዮም ነይሮም። ግና ፍርሂ ናይ ሰበ-ስልጣንን፡ ፍርሂ ናይ ህዝቢ ኣይሁድን ነይርዎም። ስለዚ የሱስ ክርስቶስ ንሰማይ እናዓረገ ኺሰናበቶም ከሎ፡ እቶም ብትብዓት እተገልጹ ሰዓብቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኣስታት ሚእትን ዕስራን ዚኣኽሉ ሰብኡትን ኣንስትን ጥራይ እዮም ነይሮም (ግብ 1፡14-15)።

ሓምሳ መዓልቲ ድሕሪ ዕርገት የሱስ ክርስቶስ፡ በታ መዓልቲ ጰንጢቆስጠ ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ተመልኡ ግና፡ ዝኾነ እንተ ኾነ ድምብርጽ ዘይብሎም ተባዓት ኰይኖም፡ ብዙሓት ሰባት ኣሚኖም ነታ ማሕበር ክሳዕ ዚጽንበርዋ ወንጌል ኺነግሩን ኼበስሩን ጀመሩ። ኣብ ውሽጢ ሒደት ኣዋርሕ ድማ ቍጽሪ ናይ እቶም ኣብ

የሩሳሌም ዚነበሩ ኣመንቲ ካብ ሚእትን ዕስራን ናብ ኣሽሓት ኣተወ (ግብ 4፡4 6፡7 12፡ 24)።

እቶም ሰበ-ስልጣን ነዚ ቅልጡፍ ምብዛሕ ናይ እቶም ኣመንቲ ደው ኬብልዎ ስጕምትታት ኺወስዱ ተበጊሶም። በዚ ድማ ነቶም ኣመንቲ ኼፈራርህዎም፡ ኪኣስርዎም፡ ኺገርፍዎም፡ ኣብ ቤት ፍርድታት ኬቕርብዎም፡ ንብረቶም ኺግብትዎም፡ ኬባርርዎም፡ ከምኡ ድማ ኪቕትልዎም ጀመሩ።

እቶም ህዝብን ቤተ-ክህነትን፡ መንግስቲ ሮማን ኽይተረፉ በብወገኖም ንምጥፋእ እዞም ኣመንቲ ተዓጥቁ። ግናኸ ፈቲኖም ድኣ ተረፉ እምበር፡ ኼጥፍእዎምሲ ኣይከኣሉን። ብኣንጻሩ፡ መመሊሶም ድኣ ኺብርክቱን ኺበዝሑን ነቲ ወንጌል ድማ እናኣስፋሕፍሑ ኪኸዱ ጀመሩ።

እምበኣር፡ እቲ ንጥፈታት ናይ እዞም ኣመንቲ ብኸምዚ እናገስገሰ ን18 ዓመታት ዚኣክል ቀጸለ። እዚ ታሪኽ ናይ ምስፋሕ ወንጌል ኣብ የሩሳሌምን ይሁዳን ሰማርያን ከምኡ ድማ ኣብ ገሊላን ኣብ መጽሓፍ ናይ ግብሪ ሃዋርያት ካብ ምዕራፍ ሓደ ጀሚሩ፡ ክሳዕ ምዕራፍ 12 ተዘንትዩ እንረኽቦ ጸብጻብ እዩ።

ሰበ-ስልጣን፡ ሓያል መንግስቲ ሮማ፡ ቤተ-ክህነት፡ ሓፋሽ ህዝቢ ኵሎም ኺዓግ ትዎ ዘይከኣሉ ብስራት ወንጌል ተኻይዱ።

እቲ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወት ኣመንቲ ክልተ ዓበይቲ በረኸታት ሂብዎም፤ በረኸት ናይ ኮይኖንያ፡ ማለት በረኸት ናይ ኣዝዩ ቅዱዊ ዚኾነ ሕብረት ኣመንቲ ኣፍርዩሎም። ካልኣይ፡ በረኸት ናይ ኣሳልጦ ዚዓዘዘ ናይ ምብሳር ወንጌል ን18 ዓመታት ዚኣክል ከኣ ሂቡዎም።

ኮይኖንያ እቲ ዚነበሮም፡ የሱስ ክርስቶስ ዚሕጐሰሉ ምፍቻር ሓድሕድ የመልክት። እቲ በረኸት ናይ ምብሳር ወንጌል ድማ ንምልእቲ ዓለም ወንጌል ኬበስርዋ ዚነበሮም ዕጥቅታቶም የመልክት፡

---

## 2. ዘይድሃል ትብዓቶም ኣብቲ ካልኣይ ስጕምቲ ወንጌል።

---

እቲ ካልኣይ ስጕምቲ ወንጌል ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 13፡1-3 ይጅምር፤ ክሳዕ ምዕራፍ 28 ቀጺሉ ድማ ንረኽቦ።

እዚ እቲ ካልኣይ ስጕምቲ ወንጌል ናይ ዕስራ ዓመታት ኣቢሉ ዚኸውን ጸዓታት፡ ካብ 47 ድ.ል.ክ. ጀሚሩ ክሳዕ 67 ድ.ል.ክ. ካልኣይ ዕማም ናይ ምስፋሕ ወንጌል፡ ካብ ኣንጾክያ ክሳዕ ስጳኛ የዘንቱ።

በዚ ናይ ዕስራ ዓመታት ጽዓታት ወንጌል ኣብ ሶርያ፡ ንኡስ እስያ (ናይ ሎሚ ቱርኪ)፡ ኣብ ግሪኽ፡ ኣብ ደሴታት ናይ ማእከላይ ባሕሪ፡ ኣብ ሮማ (ሃገር ጣልያን)፡ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ (ናይ ሎሚ ግብጽን ሊብያን)፡ ክሳዕ ኣብ ስጳኛ ወንጌል ተበሲሩ፡ ቤተ-ክርስትያናት ድማ ተተኺለን።

በዚ እዋን እዚ ድማ እዩ እተን 27 መጻሕፍቲ ናይ ሓዲስ ኪዳን እተጻሕፋ። ንሳቶም ሽዑ ዚተኸልዎ ድማ እንሆ ንምልእቲ ዓለም መሰረት ናይ ወንጌል ኰይኑ ይርከብ። ድሮ ን'ክልተ ሽሕ ዓመታት ዚኣክል ገስጊሱ ጌና ድማ ይቕጽል ኣሎ። እዝስ ኬቋርጽ ዚኽእልዶ ይመስል? ኣይመስልን! እቲ መዘና ዘይብሉ ሪም - ሕብረት ኣሕዋትን ቃል ኣምላኽን ኪቕጽል እዩ።

እዞም ቀዳሞት ኣመንቲ በዚ ቀዳማይ መዋእል ዚነበሩ፡ ክልተ ሪማት፡ ማለት ናብ ውሉድ ወለዶ ዚሰጋገር በረኸታት ኣውሪሶም። እቲ ቐዳማይ ሪም እተን ካብ እስራኤል ጀሚሩ ክሳዕ ስጳኛ ተኺሎሞን ዚኸዱ ማሕበራት (ቤተ-ክርስትያናት)፡ ኣዝዩ ዓቢ ርስቲ ብሓቂ ድማ መስተንክር ዚኾነ፡ ኺንገር ዘለዎ ታሪኽ እዩ። እቲ በረኸታት ዚመልኦ ህልውናን ኣገልግሎትን ናይ ቤተ-ክርስትያን፡ ክሳዕ ሕጂ ንኽልተ ሽሕ ዓመታት ዜበርከተ ክሳዕ ምምላስ የሱስ ክርስቶስን ብድሕሪኡን'ውን ኪቕጽል ምዃኑ ጥርጥር የልቦን።

እቲ ካልኣይ እዞም ብዘበን ሃዋርያት ዚነበሩ ቀዳሞት ክርስትያናት ኣመንቲ ኣረስትዮሞ ዚኸዱ ኣዝዩ ዓቢ በረኸት ድማ እቲ ዲማውን ቀኖናውን ዚኾነ ቃል ኣምላኽ፡ ሓዲስ ኪዳን እዩ። እዞም ቀኖናውያን መጻሕፍቲ በቶም ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ




For Reservations to Africa including Eritrea, Europe call

Abrehet Travel

at 704-975-0871

Abrehet Travel
11507 McGinns
Chorlotte, NC 28277


ዘለኣኸም እተዋህቡ መጻሕፍቲ እዮም።

ቀኖናውያን ተባሂሎም ዚጽውዑ መጻሕፍቲ፡ እምበኣር እቶም ኣምላኽ ምንጮም ዚኾነ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ድማ ንቅዱሳን ሰባት እተኸስቱሎም፣ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ድማ ዝጻሓፍዎም መጻሕፍቲ እዮም። እዞም መጻሕፍቲ እዚኣቶም፡ እቶም ሕጂ ሓዲስ ኪዳን ተባሂሎም ዚስመዩ፡ 27 መጻሕፍቲ፡ በረኸት ናይ እዚ እንዛረብሉ ዘሎና ዘበን ናይ ሓዲስ ኪዳን፡ በረኸት ጰራቅሊጦስ እዮም።

እቶም ናይ ሓዲስ ኪዳን ብዘበን ሃዋርያት፡ ኣብዚ እንዛረበሉ ዘሎና ካልኣይ መዋእል እተጻሕፉ፡ ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን፡ ኣርባተ ወንጌላት፡ ሓደ ታሪኽ፡ ዓሰርተው ትሽዓተ መልእኽትታት፡ ሓደ ድማ መጽሓፍ ትንቢት የጠቓልሉ።

እምበኣር፡ እዞም ዕስራን ሸውዓተን መጻሕፍቲ እዚኣቶም ምስቶም ሰላሳን ትሽዓተን መጻሕፍቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ተደሚሮም ስሳን ሽዱሽተን፡ ቀኖናውያን መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ እዮም።

**ነዚ ትምህርቲ እዚ ዚምልከት ሕቶ ይኹን ርእይቶ ምስ ዚህልወኩም፣ ብዚኾነ ይኹን ጽሑፍ ክትልእኩ ትኽእሉ።**